ንሕሙማት ዝወሃብ ሓበሬታ
እዚ ሓበሬታ ብናይ ኣውሮጳዊ ሕብረት (EU) መሰረት ኣዋጅ 2016/679 (GDPR) ኢዩ

ስም

ስም ኣቦ

EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) – ንናይ ኮናት ግዳያት ዝወሃብ ናይ መነባብሮ ደገፍ ONG ONLUS, እቲ ዋና ቤት ጽሕፈት ኣብ ሚላኖ ኮይኑ፣ ኣድራሻ via Santa Croce 19, 20122 Milan፣ ኢዩ፣ እዚ ሕጋዊ ኣካል ንጊዚኡ ከም እቦ መንበርን ሕጋዊ ወኪልን ናይ ግላዊ (ዳታ) ጭብጥታት መስርሕ ተቐጻጻሪ ስለዝኾነ ነቶም ዝውንኖም ናይ ጥዕና ሕክምናታት መሳለጥያታትን ምኽርታትን ወይ ድማ ስነ ኣእምሮኣዊ ደገፋትን ወይ ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ ዝተሓወሰ ፍወሳን ናይ ምምሕዳር ሓዝትን ደልዮም ናይ ዝመጹ ሰባት ነዞም ዝስዕቡ ግላዊ ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል ኢዩ:

- ልሙዳት ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት (ዳታ) (ስም፣ስም ኣቦ፣ ዕለተን ዝተወለድኩሉ ቦታን ጾታ፣ ኣድራሻ ምስቲ ናይ ዓዲ ጣልያን ዘለካ ዝምድናዊ ደረጃ፣ ወዘተ) እዚ ነቲ ሓፈሻዊ ናይ እኹል ዝርዝር ሓበሬታት(ዳታ ቢይዝ) ወይ ልሙድ ሓበሬታት ዝርኢ ይኸውን፣
- ግላዊ ናይ ጥዕና ዝርዝር ሓበሬታ (ፍሉይ ሓበሬታ) ነቲ ናይ ክሊኒካዊ መዝገብ ድማ ይኸውን፣ እዚ ክሊኒካዊ መዝገብ ኩሉ ግላውን ናይ ክሊንካል ዝርዝራትን ናይቲ ሕሙም ዝሓዘ ኢዩ፣ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ናይቲ ክሊኒካዊ ፍጻሜ ብተዘማዲ ዝመጻሉ ጊዜ ማለት ኢዩ። እዚ ናይ ጥዕና ዝርዝር ሓበሬታ ብተወሳኺ ናይ ዝሓልፉ ናይ ክሊኒካል ፍጻሜታት ማለት እቲ ሕሙም ዘሕለፎም ተሞክሮታት ከጠቓልል ይኽእል ኢዩ፣ ዋላ'ውን ብዛዕባ መጽናዕቲ ስነ-ሕማም (pathologies) ክትዛረብ እንተኾነ ዋላ'ኳ እቲ ሕሙም ዝሕከመሉ ዘሎ ካልእ ሕማም እንተኾነ ወይ ምስኡ ዘይተዛመደ እንተኾነ ምስኡ ክጠቓለል ይኽእል ኢዩ። እዚ ድማ ፣ ቡቲ ዝምልከቶ ናይ ጥዕና ክንክን ሓላፊ ነቲ ናይ ሕክምና ኣወሃህባ ንምምሕያሽ ንማለት ኢዩ። (እዚ ኤለትሮኒክ ናይ ጥዕና-ክንክን ፋይል ወይ ጸብጻብ (ኤለትሮኒክ ሄልዝ ከይር ዶሲየር) ይብሃል)።

እዚ ሓበሬታ'ዚ ቅድሚ ምርካቡ ክዝተየሉ ኣለዎ፣ እዚ ብሕጊ መሰረት ኮይኑ ነቲ ሳልሳይ ኣካል ወይ ማሕበረ-ሰብ (ኮመዩኒቲ) ምስጢሩ ንምዕቃብ ኣድላዩ ኮይኑ ክይርከብ ንማለት ኢዩ።

- ንሓደ ሓደ ፍሉያት ዓይነታት ናይ ጥዕና ክንክን ዝምልከት ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት እዚኣቶም ንብሕትውነትን ክብርን ናይቲ ሕሙም ንምዕቃብ ብፍሉይ መምርሒታት ዝተሓለወ ኢዮም፣ እዚ ዝኾነሉ ድማ በዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ይኸውን፣ (i) ኣወንታዊ ውጽኢት ናይ ደም ምርመራ ዘለዎም ሰባት (ንምባለሉ ኤች ኣይ-ቪ ፖሲቲቭ ዘለዎም ሰባት)፣ (ii) ሃለዋት ዘጥፍኡ ዕጸ-ፋሪስ ከም ሓሸሽ ዝኣመሰሉ ንዝጥቀሙ ሰባትወይ ንሓንሳል ዘደንዝ (ድራግ) ነገራት ዝጥቀሙ ወይ ኣልኮላዊ-መስተ ንዝጥቀሙ ሰባት፣ (iii) ብድሳየን ንዘይተወለደ ህጻን ዝንጽላ ደቂ ኣንስትዮ ወይ ብስቱር ከወልዳ ንዝደልያ ደቂኣንስትዮ፣ (iv) ብዓመጽ ማብረስን ኣብ ልዕሊኣን ዝተፈጸመን ወይ ብንእስነተን (ንዕድመ ዘይኣኸላ) ብዓመጽቲ (ፐዶፊልያ) ሓደጋ ዝወረዳን ወይ ናይ ቤተሰብ ናይ ክሊኒክ እንተሎ (እዚ ዝርዝር ሓበሬታ ዝሓዘ ብርቱዕ ሓለዋ የድልዮ)፣
- እዚ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ኮይኑ ኣብ ዓዲ ጥልያን ንዝቕመጥ ሰብ ወይ ቤተሰብ ኮነታት ይምልከት (ስራሕ፣ ሲቪላዊ ደረጃን፣ ቍጽሪ ቆፁትን፣ ወዘተ ማለት ኢዩ) እዚ ንማሕበራዊ መጽናዕቲ ዝርዝራት (ዳታ ቢይዝ) እኩብ ዝርዝር ሓበሬታት ተባሂሉ ዝተሓዘ ዝርዝር ሓበሬታ ኢዩ (ናይ ማሕበራዊ መጽናዕቲ ዝርዝር ሓበሬታ ይበሃል)፣
- ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ከምኡ ድማ "ኣብ ህይወት ናይ ስምዒታዊ ሃለዋት ሓበሬታ፣ እዚ ማለት ምኽርን ወይ ናይ ስነኣእምሮኣዊ ደገፍን ወይ ናይ ስነኣእምሮኣዊ ፍወሳን ዘለዎ ምንቅስቓሳት ጥራሕ ማለት ኢዩ፣

ውዕላዊ ዝዓይነቱ ዝምድና እዚ ግና ነቲ ሕክምና ዝኽፈል ክፍሊት ዋላ እንተዘይሃለዎ ማለት ይኸውን። ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ምስንዳእ ግዴታ ዘይኮነ ክም ምርጫኻ ይኸውን። እንተኾነ ግና፣ ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ መስርሓት ክምዚ ዝተባሃለ ሓበሬታ ምድላው ዘይምትግባር ወይ ድማ እቲ ዝስዕብ ናይ ፍቓድ ምስሓብ (ዘይምስምማዕ) ናይቲ መስርሕ እንተተረኺቡ፣ ነቲ ፍጻሜ ብምሉኡ ይኹን ብኽፊል ጠጠው ክብሎ ይኽእል ኢዩ።

ብፍላይ እቲ ናይ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ዝወሃብ ሕክምናን ምምሕድራዊ ሓዝትን፣ ሓደሓደ ዝተሓተ ደረጃ ዘለዎ ልምዳዊ (ተራ) ዝርዝር ሓበሬታት ክርከብ ኣለዎ፣ (ስም፣ ስምኣቦ፣ ጾታ፣ ዕለተ ትውልድን ዜግነትን) እዚ ዝድለየሉ ናይቲ ዝምልከቶ ሰብ (ሕሙም) ናይ ክሊኒካዊ መዝገቡን ናይ ኤለትሮኒካዊ ናይ ጥዕና ክንክን ፋይልን ንምልላይ ኢዩ። ናይ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ነዚ ዝበሃል ዘሎ ዝርዝር ሓበሬታት ሓቅነት ንምፍላጥ ምጽራይን መርመራት ኣይንብርን ኢዩ። ዘይተኽክል ወይ ጎደሎ ዝርዝር ሓበሬታ እንተዘሎኒቡ፣ ወይ ድማ ፈጺሙ ሓበሬታ ዘይብሉ እንተኾነ፣ ወይ ንዝኾነ መሰላጥያታት እቲ ሕሙም ዝውከሰሉ፣ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ክሕከም ዘይከኣል ከንብሮ ይኽእል ኢዩ፣ እዚ ማለት ንሕክምና ወይ ንምምሕዳራዊ ሓገዝ ዝተንብረ ሕቶ ኣዕጋቢ ስለዘይኮነ ኢዩ። እቲ ሕሙም ብዛዕባ ዝሓለፈ ወይ ጊዜያዊ ስነ-ሕማማት ወይ ሕጂ ዘለዎናይ ጥዕና ኮነታት ንጹር ዝኾነ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ እንተዘይሂቡ ግቡእ ናይ ጥዕና ደገፋትን ብዝኾነ ሳልሳይ ኣካል ዝወሃብ እንተሎ ሓገዝ ኣይክረክብን ኢዩ፣ እዚ ሕሙም ናይ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ምስ ዝውከስ ኢዩ። ብጊዜ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ናብ ናይ ጥዕና ክንክን መሰላጥያታት ዝመጹ ሕሙማት ናይ ስነማሕበራዊ ዝርዝር ሓበሬታ እንተዘይኣቐሪቦም ምእንቲ ናይ ህዝቢ ጥቕሚ፣ ነቲ ኮነታቶም ንምቕጽጻር ዘድሊ መርመራ የተሳናቅቆም ኣለዉ ማለት ኢዩ። ከምኡ'ውን እቲ ሕሙም ናብ ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መሳላጥያታት ከይከይድ ይዕንቅፉም እዚ ድማ ልክዕ ከምቲ ኣድላይ ዝርዝር ሓበሬታት ንስነኣእምሮኣውን ወይንስነኣእምሮኣዊ ፍወሳን ክንክን ኣድላይ ጭብጥታት እንተዘይቀሪቡ፣ ነቲ ሕሙም ካብዞም ኣገልግሎት እዚኣቶም ከይጥቀም ይኽለክልዎ።

ኣብቲ ናይ ኤለትሮኒክ ክንክን ጥዕና ፋይል ዘሎ ዝርዝር ሓበሬታ ኣብ መስርሕ ከውዕል ፍቓድ እኳ እንተዘይተዋሂቡ ነቲ ተሓቲቱ ዘሎ ፍሉይ ሕክምናዊ ፍወሳ ከይረክብ ኣይግፃን ኢዩ፣

እዚ ዝተኣከበ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ብስራሕ ይርኣ፣ እዚ ድማ ብኽልቲኡ መዳይ ኢዩ፣ ብኢድን ኤለትሮኒክ መሳርሒ ብምጥቃምን ይኸውን፣ ምኽንያቱ ቡቲ ዝተረኽበ ዝርዝር ሓበሬታ ከኣ እቲ ዘድሊ ስርሓት ስለዝከናወን፣

ምምዝጋብ፣ ፋይል ምሓዝ ምውዳብ፣ ምክፍፋል፣ ርክባት ምስራዝን ኣብ መጨረሽታ ናይቲ መስርሕ ድማ ነቲ ዝርዝር ሓበሬታ ምዕናው (ምጥፋእ)።

እቲ ዝተኣከበ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት እዝም ዝስዕቡ ሰባት ጥራሕ ከምዝፈልጥዎ ይኸውን፣

(i) ሕክምና ክህቡ ብፍሉይ ዝተመዘዙ ሰራሕተኛታት (ዶክተራት፣ ነርስታት፣ ማሕበራዊ ናይ ክንክን ጥዕና ሰራሕተኛታት፣ እዚ ነቶም ንሕሙማት ናብ ብሄራዊ ናይ ጥዕና ኣገልግሎት መሰላጥያታት ዘባጻጽሑ የጠቓልል፣ ከምኡ'ውን ብጣዕሚ ኣድለይቲ ንዝኾኑ ግና ብዙሕ ዘይርከቡ ናይ ክሊኒክ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ናይ ስነኣእምሮ ሓካይም እዚ ማለት ምስቲ ሕሙም፣ ናይ ስነኣእምሮ ፍወሳ ክህቡ ስምምዕ እንተሎ) ኣብ ውሕስነት ዘለዎ ቦታታት ከምኡ'ውን እቲ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ፣ ዝኣሊ ኣካል ዘውጽኦ ናይ ውሕስነት ስጉምቲ፣ ሕግታት ተማእዚዙ ምስ ዝኸይድ ኢዩ።

(ii) ሳልሳይ ኣካላት ኮይኖም ግና፣ ቡቲ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ንፍሉይ ጉዳያት ነቲ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት ክርእዩዎ ፍቓድ ምስ ዝህልዎም እዚ ግና እቲ ነፍሲ-ወከፍ ዝረኣዮ ኣካል ከምዝረኣዮ ክፍለጥ ኣለዎ።

እዚ ጭብጢ ክሕተምን ከዝርጋሕን ክልኩል ኢዩ እንተኾነ እዚ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታታት ንኻልኦት ናይ ክንክን ጥዕና ተዛማዲ ንዝኾኑ ናይ ምምሕዳር ጉዳያትን ንናይ ማሕበራዊ ሓዝት ምሃብን፣ ይኸውን መጨረሽታ ድማ ቡቲ ዝተፈቐደ ሕጊ መሰረት ንሳቲ ሳልሳይ ኣካል'ውን ከወሃብ ይከኣል ኢዩ።

ናይ ሕማም መርመራ ጸብጻባት ብዘይካ እቲ ሕሙም ካልእ ሰብ ከወስዶ ይኽእል ኢዩ፣ እዚ ዝኸውን ግና እቲ ዝወስዶ ሰብ ካብቲ ዝምልከቶ ሕሙም ብጽሑፍ ዝተሰነየ ፍቓድ ምስ ዝህልም ይኸውን፣ እቶም ዝተባህሉ ጽሑፋት ድማ ኣብ ዝተሓሸገ ሰታሪት ቡስጣ ምስ ዝኾኑ ኢዩ።

እዞም ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት ኣብ መስርሕ ከውዕሉ ከለዉ ንምምሕዳራዊ ጉዳያት ተባሂሉ ይኸውን እዚ ድማ ካብዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ሓበሬታት ናይ ምምቕራብ ሓገዝ ምስ ዝርከብ ኢዩ፣ ብቕጥታ ወይ ብኽልኤ ናይ ክንክን-ጥዕና መሰላጥያታት፣ ምኽሪ ንምሃብ ወይ ድማ ስነኣእምሮኣዊ ሓገዝ ንምሃብ ከምኡ ድማ /ወይ ስነኣእምሮዊ-ፍወሳ ሓገዝ ንምሃብን ወይ እንተተኻኢሉ፣ ናይ ምምሕዳር ሓገዛት ንምሃብን (ናይ ባህሊ ምስምማዕን ከምኡ'ውን ኣብ ብሄራዊ ናይ ጥዕና ክንክን መሰላጥያታት ምምሪሕን ኣብ ካልእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት መሰላጥያታት እውን ከምኡ ብምግባር) እዚ ነቲ ዝምልከቶ ሰብ ኮይኑ ሕቶ እንተቐረበ ጥራሕ ይኸውን።

እቲ ፍሉይን ስነ-ማሕበራውን ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት ብተወሳኺ ስም-ኣልቦ ወይ ብስውር መልክዕ ጌርካ ክትጥቀመሉ ትኽእል፣ ግና ነዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ክኸውን ኣለዎ (ሀ) ናይ ተመሓላላፊ ሕማማት መጽናዕትን ናይ ክሊንካል-መርመራ ትንተናን ከምኡ ድማ (ለ) ነቶም ናብቲ ናይ EMERGENCY(ኢመርጀንሲ) ናይ ክንክን ጥዕና መሳለጥያታት ዝመጽኡ ሕሙማት ናይ ነዊሕ-ጊዜ ኮነታት መጽናዕቲ ምክያድን ትንተና ምግባርን።

እቲ ዝተዓቀበ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት ነቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምኽንያታት ንምምላእ ዝኣክል ጊዜ ንምሃብ ጥራሕ ይኸውን፣ ከምኡ ድማ ኣብ ዝኾነ ጊዜያት ቡቲ ሕጊ ዘፍቕዶ ክሳብ እቲ ዝነውሐ ጊዜ ይዕቀብ፣ እዚ ድማ ንሕጋዊ ሓለዋ ናይቲ ዝርዝር ሓበሬታት ይኸውን ወይ ድማ እቲ ናይ ጥዕና ዝርዝር ሓበሬታት ምዕቃብ ዝጠልቦ ግዴታ ክሳብ ዝማላእ ማለት ይኸውን።

እቲ ሕሙም ነቲ ኣብ ዓንቀጽ 15 GDPR ተጠቒሱ ዘሎ መሰላት ክጥቀመሉ ይኽእል ኢዩ እዚ ማለት፣ (ሀ) ነቲ ንዑኡ/ኣ ዝምልከት ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት ንምርኣይ ክኽእል፣ (ለ) ናይ'ዚ ጭብጥታት ምትዕርራይ ወይ ምድምሳስ ንምርካብ ወይ ድማ ነቲ ንዑኡ /ኣ ዝምልከት ጭብጥታት ኣብ መስርሕ ከይውዕል ምክልኻል፣ (ሐ) እዚ መስርሕ ጠጠው ክብል ምቅዋም፣ (መ) ፍቓድ ዝሃብካሉ እንደገና ምስኣብ፣ (ሰ) ናብ ላዕለዋይ ስልጣን ጥርዓን ምቕራብ፣ ("ውሕሱነት ዘለዎ ብሕትውነት" "Garante Privacy")። ነዚ ዝተባህለ ጥርዓን፣ ነቲ ዋና ቤት-ጽሕፈት ብጽሑፍ ናብቲ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ኣድራሻ ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም ወይ ድማ ብኢመይል ናብዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ጸሓፉ፣

- Alessandro Bertani, Chief Privacy Officer: privacy@emergency.it;
- Nicola Tarantino, Data Protection Officer: dpo@emergency.it.

ኣነ ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓበሬታ ብዛዕባ መስርሕ ናይ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ከምዝተቐበልኩ፣ የረጋግጽ ኣለኹ፣ በዚ ምኽንያትዚ ድማ፣ ኣነ፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ነቲ ፍሉይ ናይ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ከስራሕ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ነቲ ናይ ኤለትሮኒክ ክንክን ጥዕና ፋይል ዘቕውም ናይ ፍሉይ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታ ንምስራሕ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ንምኽሪ ዝተንብረ ናይ ግላዊ ጭብጥታት መስርሕ ንምሃብ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን ወይ ድማ ስነ ኣእምሮኣዊ ደገፍ ወይ ድማ ናይ ስነኣእምሮኣዊ ምንቅስቓሳት ክህብ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ነቲ ብዝበለጸ ሓለዋ ክዕቀብ ኣለዎ ዝብሃል ናይ ግላዊ ዝርዝር ሓበሬታት መስርሕ ክካየድ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምኽንያታት ምስ ሳልሳይ ኣካላት ፍሉይ ናይ ግላዊ ጭብጥታት ጉዳይ ንምዝርራብ ፍቓደኛ ኣይኮንኩን፣

[ ] ፍቓደይ ይህብ [ ] ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ምኽንያታት፣ ምስ ሳልሳይ ኣካል ንዝዓበየ ሓለዋ ዘድልዮ ናይ ግላዊ ጭብጥታት መስርሕ ንምትግባር ፍቓደኛ ኣይኮንኩን።

ቦታ ..... ክታም ናይቲ ዝሚልከቶ ሰብ .....

ዕለት ..... ክታም ናይ ወላዲ ወይ ሞግዚት* .....

*ስምን ስም ኣቦን፣ ዕለትን ናይ ትውልዲ ቦታን፣ ጥቕስ ምስቲ ትሕቲ ዕድመ ቆልዓ ናይ ስድራቤት ዝምድና ጥቕስ፣ ከምኡ ድማ ነቲ ዝምድናዘረጋግጽ ጽሑፍ ሰነዳት ኣተሓሒዝካ ኣቕምጥ

EMERGENCY